

# ዕብየታዊ ትጽቢታት

***80% ዕብየት ናይ የእሙሮ ኣብተን መጀመርታ ሰለስተ ዓመታት ናይ ህይወት እዩ ዝፍጸም!***

ናይ American Academy of Pediatrics ን ናይ Center for Disease Control and Prevention ነፍስወከፍ ዉሉድ ክሳዕ ዓሰርተ ኽልተ ወርሒ ዕድሚኡ ክበጽሖም ዘለዎ ምስ ዕድሜ-ርክብ ዘለዎም ሓበርቲ ነጥብታት ኣውጺኦም ኣለዉ።

ዕብየታዊ ነጥበ-ምዕራፋት ክብሃሉ ኸለዉ ነፍስወከፍ ዉሉድ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ደረጃ ክበጽሕከሎ ክገብሮም ዝኽእሉ ነገራት ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ጥንቅቕ ኢልካ ክርኤ ዝግብኦ ነገር እዩ፣ ምኽንያቱ ነፍስወከፍ ዉሉድ ብናቱ/ታ መገዲ እዩ/ያ ዝ/ትዓቢ። ወለዲ ኣብ ዉሉድኩም ዝኾነ ናይ ዕብየት ጸገማት ወይ ምድንጓያት እንተ ርኢኹም ንሓኪም ናይ ዉሉድኩም ብምሕባር ስጉምቲ ክትወስዱ ይግባእ።

## ዉሉድኩም እንታይ ክገብር ይግብኦ?

**ናይ ቋንቋን ምርድዳእን ምዕባለ**

- ብቓል ንዝግበሩ ቀለልቲ ጠለባት መልሲ ይህብ
- “ኣይፋልን” ንምባል ርእሲ ምንቕናቕ ዝኣመሰሉ ቀለልቲ ምንቅስቃሳት ይጥቀም
- ደሃይ እናቀየረ ድምጽታት የስምዕ
- “ዳዳ” ን “ማማ” ን “ኦሀ-ኦሀ” ይብል
- ልሙድ ቃላት ወይ ሓጸርቲ ሓረጋት ቀዲሑ ክዛረብ ይፍትን

**ማሕበራዊ/ስምዒታዊ ምዕባለ**

- ወለዲ/መጉዚት ክኸይድ ከሎ ይበኪ
- ምስ ዓኖት ጥንቕቕ ይብል
- ኣብ ገለ ኩነታት ፍርሕ ክብል ይክእል
- ዝፈትዎም ነገራት/ባንቡላታት ኣለዎ
- ኣብ ክንዲ ንኻልኦት ሰባት ነዲኡን/ወይ ልሙድ ኣለይቲ ይመርጽ
- ኣብ ገለ ኩነታት ፍርሕ ክብል ይኽእል
- ድምጽታት ወይ ምንቅስቃሳት ይደግም
- በጻብዑ ጌይሩ ይምገብ
- መጽሓፍ ወይ ባንቡላ ነዓኻ ሂቡ ንባብ ወይ ጸወታ ክጀምር ይፍትን
- ክኽደን ከሎ ከም ሓገዝ የእዳዉ ወይ የእጋሩ ሓፍ የብል

## 12

## ወርሒ ዕድመ

ናይ American Academy of Pediatrics ንኹሎም ኣብዞም ዝስዕቡ ዕድመ ዘለዉ ኹሉ ናይ ዕብየትን ጠባያዊ ምርመራ ንኽግበረሎም ይመክር፤

- ❖ 9 ወርሒ
- ❖ 18 ወርሒ
- ❖ 24 ወይ 30 ወርሒ

**ዕብየት ንምልካዕ ዝገልግሉ ናውቲ ፤**

- Ages and Stages Questionnaire (ASQ-3)
- Parents' Evaluation of Developmental Status(PEDS)
- Parents' Evaluation of Developmental Status-Developmental Milestones (PEDS-DM)
- Brigance Screens



**ሓገዝቲ ዝብሃሉ ኣፓት፤**

CDC's Milestone Tracker

Daily Vroom

BabySparks

Office of Elementary Education Buffalo Public Schools

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother's Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።

**ህዋሳዊ ምዕባለ (ምህሮ፣ ምሕሳብ፣ ጸገማት ናይ ምፍታሕ ክእለታት)**

- ንነገራት ብዝተፈላለዩ መገድታት ይድህስስ (እናጎጽጎጸ፣ እናጓነጸ፣ እናደርበየ፣ እናውደቐ)
- ንዝተሓብኡ ነገራት ብቀሊል ይረኽቦም
- ጠለባት/ድልየታት ንምልላይ ንኣመልካቲት ኣጻብዑ ይጥቀም
- ቃል ምስ ተባህለት ናብቲ ልክዕ ስእሊ ይጥምት/የመልክት
- ናይ ካልኦት ሰባት ምንቅስቓስ ይቀድሕ
- መዓልታዊ ንእንጥቀመሎም ነገራት ብጉቡእ ክጥቀም ይጅምር (ካብ ኩባያ ምስታይ፣ ጸጉሪ ምምሻጥ፣ ስኒ ምምዋጽ፣ ስልኪ ምድዋል)
- ሓደ-ደረጃ ዘለዎም መመርሕታት ይስዕብ (ነታ ኩዑሶ ርኸባ፣ ነታ ብሎክ ኣልዕላ)

**ኣካልዊ ምዕባለ (ጠቕላላ ምትንታት)**

- በእዳዉን ብርኩን ጌይሩ ነፍሱ ዲጊፉ ፍሑኽ ይብል
- ብዘይ ሓገዝ ኮብ ክብል ይኽእል
- ባዕሉ ተመጢጡ ደፍ ይብል
- ናይ ገዛ ናውቲ ሒዙ ይስጉም
- ብዘይ ደገፍ ደው ይብል
- ብዘይ ደገፍ ክልተ ወይ ሰለስተ ደረጃ ይስጉም

**ናይ ዉሱን ክፍልታት ጨዋዳታት ምዕባለ**

- በእዳዉ ገይሩ ነገራት ከረው (ብኣመልካቲት ኣጻብዑን ዓባይ ዓባይቶኡን) ይሕዝ፣ ብሕልፊ ባዕሉ ክምገብ ከሎ
- ንኽልተ ነገራት የላትም
- ንነገራት ናብን ካብ መትሓዚኡ የእቱን የውጽእን
- ከረው ኣቢሉ ንዝሓዞም ነገራት ብፍቓዱ ይፍንው
- ባመልካቲት ኣጻብዕ ይተኹ/የመልክት
- ናይ ስክሪብል ኣጸሓሕፋ ክቀድሕ ይፍትን

## ንሓኪም ናይ ዉሉደይ ብዛዕባ እንታይ ክዛረቦ ይክእል?

ነፍስወከፍ ዉሉድ ብናቱ ወይ ናታ መገዲ እያ ምዕባለ የ/ተርኢ። ዉሉድኩም ንሓደ ዝተወሰነ ክእለት ልክዕ መዓስ ከም ዝ/ትምሃሮ ክትፈልጥ ኣጸጋሚ እዩ። ካብዘም ዝተጠቕሱ ምልክታት ናይ ዕብየታዊ ምድንጓያት ምልክት ውሉድኩም እንተርእዩ ምስ ናይ ዉሉኩም ሓኪም ክትራኸቡ ይግባእ።

- ፍሑኽ ሓይብልን
- ፍሑኽ ክብል ከሎ ንሓደ ክፍሊ ናይ ኣካል ይጎትት
- ተደጊፉ ውን ደው ክብል ኣይክእልን
- እናረኣየ ንዝተሓብኡ ነገራት ክደሊ ኣይፍትትን
- ሓደ ቃል ንዘለዎም ("ማማ" ወይ "ዳዳ" ወይ "ባባ") ክብል ኣይክእልን
- ከም የእዳው ምውስዋስ ወይ ርእሲ ምንቕናቕ ዝኣመሰሉ ምንቅስቓሳት ኣይምሃርን
- ናብ ነገራት ወይ ስእልታት ኣየመልክትን
- ኣብ ሓደ እዋን ዝመለኾም ወይ ዝመለኸቶም ክእለታት የ/ተጥፍእ

### ዉሉድኩም ንኽምሃርን ክዓብይን ዝሕግዙ ኣዎንታዊ ናይ ቆልዑ ኣተዓባብያ ምኽርታት



ኣብ ውሽጢ መዓልቲ ምስ ዉሉድካ ብቀጻሊ ተዛረብ። ዕለታዊ ተግባራት ንኽምሃሩ ምእንቲ ክሕግዞም ገለጽቲ ቃላት ተጠቀም። ንኣብነት፣ "ማማ ጸጉርሓ ንኽትምሽጥ መመሸጥካ ትጥቀም ኣላ።"

ምሱ ዉሉድካ መዓልታዊ ኣንብብ። ነቲ ገጽ ዉሉድካ ከም ዝግንጽል ግበር። ነቶም ትርእዩዎም ስእልታት ኣብ ምስማይ ተራ ውሰዱ። ኣብቲ መጽሓፍ ንዘለዉ ስእልታት ተጠቂሞም ነቲ ዛንታ ክነግሩ ፍቐዱሎም።

ዉሉድካ ድምጺ ከስምዕ ከሎ መልሱ ሃብ። እዚ ቋንቋ ንመረዳድኢ ኣብ ምጥቃም ንክምሃር ክሕግዞ እዩ።

ምስ ዉሉድካ ኾይንካ መዛሙር ዘምር ከምኡ ውን ሳዕስዕ

ንዉሉድካ እናሓቆፍካን እናሓዝካን ግዜ ኣጥፍእ

ንዉሉድካ ኣድንቆ/ኣድንቃን ብዙሕ ፍቕሪ ዝተመልኦ ክንክን ሃቦ ወይ ሃባ።

ናጻ ሖይኖም ድላዮም ክስእሉ ምእንታን ንዉሉድካ ወረቀትን ክራዮናትን ሃቦም።

ምስ ዉሉድካ ኾይንካ ብብሎካት፣ ቅርጽታት በብመልክዖም መስርዒ ወይ ጉቡእ ፓዝላት ተጠቂምካ ተጻወት

ንባንቡላታት ሕብኣዮም እሞ ዉሉድካ ከም ዝረኽቦም ግበር።

ከም "ፒክ-ኣ-ቡ" ን "ፓት-ኤ-ኬይክ" ዝኣመሰሉ ጸዋታታት ተጻወት

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother's Keeper Initiative ብዝተረከበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።

MY BROTHER'S KEEPER
MBK

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother’s Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።